# ትሕዝቶ


ቃል ኣሰናዳኢ 2

ደሃይኩም 3

ጉዳያት 4
- ባና ብሩህ መጻኢ ንምድማቕ
- ምሕያል ህግደፍ ሕርያዶ መቐጸልታ ተልእኾ?

ደሃይ ማሕበር 9
- ተራ መንእሰያት ኣብ ልምዓትን መኸተን
- ምህናጽ ብቑዕ ሃገራዊ መንእሰይ
- ዋዕላ መንእሰያት ህግደፍ

ትውፊት 16
- ተራ መንእሰያት ኣብ ልምዓትን መኸተን

ሃበርም 18
- ኢንጂነር ሳባ ተኸስተ

ኣካዳሚ 22
- ቀለልቲ ኣገባባት መጽናዕቲ
- "ጸዓር!" መረብረብ ምኽሪ
- ፈለማኹም ፊዚክስ ንእትመሃሩ

ሓሳባት 25
- ዓቕሚ ይኾዓትዩ!
- ንባብ ንኹልና ድዩ ዘገድሰና?
- ብዓይኒ ካልኦት ምርኣይ
- ቁማር ሕማምዶ ወልፊ?
- ገይም ከመይ ንሓዞ?

ሕብረተሰብ 34
- መንእሰይ ዶ ይሓምምዩ?

ሕግን ስነ-ምግባርን
- ፍልምያ፡ ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ!

ባህልን ስነ-ጥበባትን 40
- ዕላል ምስ ድምጻዊት ሰምሃር ዮሃንስ
- ሳንድያን ከም "ካራክተር"
- ጸጉሪ ርእስን መንነትን
- ሓጺር ዛንታ
  ኮኾብ

ተክኖሎጂ 55
- ወለዶታት ተክኖሎጂ ተንቀሳቓሲ ተለፎን
- ቆጽሊ ዘይትቡን

ስፖርት 59
- ንዝበረኽ ውጽኢት ቅድድም ብሽክለታ...!

ሞዛይክ 61
- ታሪኽ ስርቅን ስረቕትን ካበይ ናበይ?



ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

ሚያዝያ 2017 ቁ.54

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ ናቕፋ 10

ዋና ኣሰናዳኢ
መስፍን ገብረሂወት

ዲዛይን ገበር
ከማል ዲኖ

ስእሊ
ሉል ኣውድዮቪዥዋል


ናብ'ዛ መጽሔት ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ኣበርክቶ ይኹን ሃናጺ ነቐፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፥


መጽሔት "መንእሰይ"
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ 202592
ፋክስ 291-1- 125981

ዘርጋሒ መጽሔት
ቁ.ስልኪ 200454


# “ጸዓር!” መረብረብ ምኽሪ

“ድሕሪ ናጽነትን ፍትሒን እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዕዮ ትምህርቲ እዩ። ብዘይ ትምህርቲ ናጽነት ኮነ ፍትሒ ንዘልኣለም ክቈማ ኣይክእላን።”
James A. Garfield

መም. ስተላ መሓረና

“ጸዓር!” ካብ ብዙሕ ሰብ ቀልጢፍካ እትረኽቦ ምኽሪ እዩ። ከይጸዓርካ ኣይኮነንዶ ትደልዮ፡ መሰረታዊ ዘድሊየካ ነገራት ክትረኽብ ኣይክኣልን እዩ። ኣብዛ መሬት ዝርከብ ኩሉ ፍጡር ከይጸዓረ ክነብር ዝኽእል የለን። ኩሉ ንኽነብር ዘድልዩዎ መሰረታዊ ጠለባት መግቢ፡ ማይን ኣየርን ብኸንቱ ዝረኽቦም የለን። ኣዕዋፍ ካብ ሓደ ጫፍ ዋልታ ናብቲ ካልእ ጫፉ ዋልታ ይበርሩ፣ ሰብ ንዓለም ወሻጢጣን ሳዕላን እናበርበሩ ይዞሩ፣ ... ወዘተ። ሰብ ካብዚ ናይ ጻዕሪ ጽሕፍቶ ዝርሕቅ ኣይኮነን። ክጽዕር እንከሎ ኸኣ ብብደረጃኡ ይጽዕር። ኣቦ ናይ ኣቦ፡ ኣደ ናይ ኣደ፡ ወሉድ ከኣ ናይ ወልድ ጻዕሪ የካይድ። ህይወት ድማ ብኸፆምኡ ትቕጽል። ንሕና ተማሃሮ ኸኣ ኩሉ ግዜ ናትና ወሀብ ጻዕሪ ኣብ ትምህርቲና ዝዘጠጠ ይኸውን። ዝበዝሕና ምሉእ ግዜና ንትምህርቲ ንህቦ ንኸውን። ገለ'ውን ጾር ስድራና ተማቒልና ንምሃር ንህሉ። እቲ ኹይኑ እቲ ግን ንኽነዕውት ክንጽዕር ከም ዘለና ዘየማትእ ነገር'ዩ። እቲ ክፋዕ ክብርትፅን ብሉጽ ክኸውንን ዝበህግ ሰብ፡ ንዘተፈላለዩ ሜላታት ኣጸናንዓን ምስትምሃርን ይፍትሽ እኸውን። ሰር ኩሉ ብርትዐን መንፍዓትን ጻዕሪ እዩ። ስለዝኾነ “ዝጸዓረ ይዕወት!” እንብል፣ ስለዝኾነ ሰብ እናኽፆምዕደና ንኹሉ ኣብኡ ጠቕለሉ “ጸዓር!” ዝበለና።

ዝዓበየ ምኽሪ “ጸዓር! ጸዓር! ጸዓር!” እዩ። ዓው ኢልካ ደጋጊምካ እናኽተድምጻ ሓይሊኻን ተስፉኻን ኣብ ውሽጢኻ እትመልእ ቃል'ያ፣ “ጸዓር!”። ኣብ ከባቢና ዝሰበሩ ሰብ ብብሓደ እንተ ጠሚትናዮም ርሑቕ ከይከድና ትርጉም ጻዕሪ ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። እንኮበረሉ ከባቢ ጻዕሪ ዝበዝሐ ምኽንኑ ምስትውዓል ኣይንስእንን። ኩሉ ዝጽብቐ ነገራት ጻዕሪ ከም ዝሓለፈ ኣይጠፍኣናን። ካብታ እተጽልለላ ዘለኻ ቤት ስድራኻ'ኳ ብዙሕ ክትዕዘብ ትኽእል ኢኻ። ኩሎም ኣብ ቤት ትምህርቲና “እዚ ንፉዕ እዩ” እንብሎም ተማሃሮ ስለምንታይ ንፉዓት ከም ዝኾኑ ክንሓቶም ንኽእል ኢና። ዝበዝሑ እቲ ክጽንዑ ዘጥፍኡዎ ግዜ ክዘኽሩኻ ይኽእሉ። ኩሉ ንፉዕ ተማሃራይ ንፉዕ ኮይኑ ኣይተወልደን። ብጾሎትን ጾምን'ውን ኣየመጽኣን። ናይ ሓደ ተማሃራይ መንፍዓት ዝገልጹ ዝጥቀሱ ረቛሒታት'ኳ እንተ'ለው፡ ንኹሉም ግን ጻዕሪ'ዩ ዘዕምዶም። ብባህሪ



ሓባራዊ ዘተ

# ‘ገይም’ ከመይ ንሓዞ፧

ገይም ረብሓኡዶ ይዕዝዝ ሃስያኡ፧ ኣብ ኣተሓሕዛኡ ከመይ ዝበለ ጥንቃቐ ክንገብር ኣሎና፧ ብሕልፊ ኣብዚ እዋን ገኒኑ ዘሎ “ሉዶ ገይም” ብዝምልከት መጽሔት መንእሰይ ምስ ሓሙሽተ መንእሰያት ሓባራዊ ዘተ ኣካይዳ ኣላ። ኣብ’ዚ ተሳዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ዘለኩም ሓሳባት ናብ መጽሔት መንእሰይ ብምስዳድ ክተሀብትምዎ ትምኒትናዩ።

<u>ካሊድ መሓመድብርሃን</u>

ገይም ክብዝሒ እንክሎ ቃል-ብቓሉ ምዝንጋዕ ክንብሎ ይክኣል እዩ። ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ብፍላይ ብዘተፈላለየ መልክዕ ብዙሓት ዓይነት መዛናግዒታት ይመጽኡ ኣለው። እዞም ዝመጽኡ ዘለው መዛናግዒታት ኣብ ህይወትና እንታይ ጥቕሚ ወይ ጉድኣት ኣሎዎም፧ ብኸመይከ ይጸልዉና፧ ንምዝርዛሩ ንኸውን፧ ብዙሓት ንመዛናግዒ ኢሎም ዝመጽኡ ገይማት ንሓንጎልና መብልሒ፡ መተባብዒ ትምህርቲ ኢሎም ዝሰርሑ ኣለው። ከም ኣብኡ ምስ እንወስድ፡ ከም ብዓል ማሽነ ሱዶኩን ክንጠቅስ ይክኣል። ጉድኑ ጉድኑ ክንዘንግዖ ዘይብልና ግን ከም’ቶም ዝምህሩና ብኣንጻሩ ዝጎድኡና ዘይጠቕሙና ኣለው።

ኣብዚ ሎሚ ዓለም ንእሽቶ ቀኽሪት እናኾነት ትመጽኣሉ ዘላ እዋን ንሕና ባህሊና ብናይ ባዕዳውያን ባህሊ ከነ መተዓብሮ ክንጽሎ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ክብሪ ባህሊና ብናይ ባዕዳውያን ባህሊ ከይትካእ እቶም ንባህሊና ብሕማቕ ዝጸልዉ ገይም ዓንቢ ምባል ዘድሊ ይመስለኒ። ከምዚ ክብል ዝደረኸኒ ነገር እዚ ሎሚ እናዛረብ ዘሎ ወልፊ ገይም እዩ። ጽልዋኡ ቀሊል ዝመስል እንተ ኣዕሪሩ ግን ንምጥፋኡ ቀሊል ኣይክኸውን’ዩ። ነዚ ሎሚ እናገዝአ ዘሎ ሕማቕ ወልፊ ገይም ብኣጋኡ ገለ መኸተምታ እንተ ተገብረሉ ይሓይሽ። እዚ ንውልቀሰብ ጥራይ ዝምልከት ዘይኮነ ንዓይ፡ ንዓኻ፡ ንኹልና ዝምልከት’ዩ። ምናልባት ብሃገር ደረጃ መጽናዕቲ እንተ ዝቕረብ፡ ምናልባት ደኣ ከይመስል’ምበር፡ ኣብ ሓደ ሰዓት ካብ 100 ሰባት፡ ልዕሊ ፍርቂ ኣብ እንዳ ሻሂ ኮፍ ኢሎም ‘ሉዶ ገይም’ ወይ ‘ሽሽ’ ይጻወቱ ምሃለው። ነዚ ብኸመይ ኣገባብ ክንሕዞ ኣለና ንዝብል ድማ፡ መጀመርታ እቲ ንጻወቶ ዓይነት ገይም እንታይ ከም ዘርብሓና ክንፈልጥ ኣለና። ንመሃረሉ እንተ ኾይኑ ዘጽላኢ ኣይኮነን።




ብፍላይ እቶም ማእገር ሃገር ዘኾና መንእሰያት ኢና ቀዳሞት ነዚ ክንቅይሮ ዘለና። ምኽንያቱ ንሕና ኢና ኣብ ፈቖዶ እንዳ ሻሂ ኮፍ ኢልና፡ ክብረት ሰብ ዕጅብ ከይበለና ዋዕዋዕታ ንፈጥርን ከብቢና ንረብሽን። ብቐንዱ ድማ ኣብ ትምህርቲ ቁም ነገርን ክሓልፍ ዝግብኦ ግዜና ብሸንኮ ነጥፍኖ ኣለና። ዝገርመኒ ነገር እቲ እዛ ሎሚ መዛረቢ ኩሉ ሰብ ኮይና ዘላ ‘ሉዶ ገይም’፡ ማዕረ ክንደይ ንርእሲ ብዙሓት ተቖጻጺራ ከም ዘላ ዝሕብር እንተ ሃልዩ፡ ገለኡ ሰልዲ ኣትሒዙ ከም ተሰላፊ ኮይኑ ክቋመር እንክሎ፡ ገለኡ ድማ ሞባይሉ ኣትርዩ ‘ብርንጂ’ ይሓስብ ኣሎ። እዚስ ምስ ምንታይ ይቕጸር፧ ብርግጽ ብዕቱብ ክትሓዝ ዘለዎ ዓብዪ ጉዳይ እዩ።

<u>ሄኖክ ኣስመሮም</u>

ገይም ብዙሕ ዕላማ እንደዩ ዘለዎ፡ እቲ ዘገድስ ንምንታይ ዲዛይን ኮይኑ’ዩ። ገለ ገይም ኣሎ ዘሕስቦ፡ ከም ብዓል ቸዝ፡ ዳማ፡ ሱዶኩ ወዘተ. ንምዝንጋዕ ጥራይ ዘይኮነስ ዘሕስቦ፡ ዘሰርሖ፡ ብቐዓት ሓንጎልካ ዘመሓይሽ



ቀኒናም ገይም ክጻወቱ ከለው ክትርኢ ይገርመካ እዩ።

እዛ 'ሉዶ' ተባሂላ እትጽዋዕ ዘላ ገይም፡ ኣብ ዘይትረኽብ የብልካን። ኣብዚ ኩሉ ኣቓዲምና ዝጠቐስናዮ ኣሎ። ሕሉፍ ሓሊፉ ኸኣ መቋመሪ ኩይና ኣሎ፡ ናይ ቁማር ወልፊ ኸኣ እንታይ ከም ዘስዕብ ኩልና ንፈልጦ ነገር እዩ። ስለዚ ብዘከኣል መጠን ናብ ማሕበራዊ ምትእስሳርና ዘትርር መኣዲታት ክትኣቱ ፍጹም ከፍቅደላ የብልናን። ብሓፈሻኡ ኸኣ ዝኾነ ገይም ንመዛናግዒ ዝፍጠር ክኸውን ይኽእል'ዩ። መዛናግዒ ክብሃል እንከሎ ኸኣ ጉዳያትካ ምስ ወዳእካ ዝጽወት ማለት'ዩ።

ማክዳ ተኸለማርያም

ልክዕ'ዩ ገይም ክልተ ነገር ሓቒፉ'ዩ ዝመጽእ። እቲ ሓደ ገጹ ንፍልጠትን ብልሒ ኣእምሮን ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልእ ከኣ ንመዛናግዒ'ዩ። ካብቲ ብዙሕ ዓይነት ገይም እቲ ንዓኻ ዝኸውን ክትፈሊ ይከኣል እዩ። ከምቲ ብዙሕ ሰብ ዝጉብሮ፡ ነቲ እወታዊ ሸነኹ ብምጥማት፡ እቲ ንዓኻ ክብድሃ፣ ከሕስቦ፣ ከመራምሮ፣ ክፍልጦ ዝኽእል ዓይነት ገይም ክትመርጽ ይከኣል እዩ። ወይ ከኣ ከምቲ ገለ



ሰባት ዝመርጽዎ፡ ዝቐለልካን ኪንዮ ምዝናጋዕ ካልእ ረብሓ ዘይብሉ ዓይነት ገይም'ውን ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ።

ገይም ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ። ገሊኡ ግዜኻ ወሲዱ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ይኽሕሶ፡ ገሊኡ ግዜኻን ገንዘብካን ወሲዱ ኣእምሮኻ የሕምመካ። ህይወት ምርጫ ካብ ኮነት ካብዞም ክልተ ዓይነት ገይም ዝሕሸካ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እሞ ኣይናይ ይሓይሸ፧

ኩሉ ዓይነት ገይም ኣብ ትርፊ ግዜኻ ወይ ኣብ ክትዛናጋዕሉ ዝመደብካዮ ግዜ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ቀምሓር ትረኽበሉ ዓይነይት ገይም፡ ኣብ ሰሌዳ መደባትካ ኩነ ኢልካ ብዕቓን ግዜ እንተ ሃብካዮ'ውን ኣይጽላእን እዩ። ግን ብዕቓን ክኸውን ኣሎዎ፥ ካብ ዓቐን መደብካ ከይትወጽእ ከኣ ሓያል ድሰፕሊን የድልየካ። እቲ ንኽልተኡ ነገርካ ሓዚሎ ዝኸይድ ግን ምጥንቃቕ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሓት ኣዚያ ሃቢባ ዘላ ገይም 'ሉዶ' እያ። እዛ ገይም ብዘኸደካዮ ኢኻ ትረኽባ። ወዮ ሎሚ ደኣ ኣብ ናይ ሞባይል ኣፕሊኬሽናት ተቐይራ እምበር፡ ልክዕ ከም ዳማ ወይ ቸስ ኣብ ጣውላ እትጻወታላ ዓይነት ጸወታ'ያ ነይራ። ኣብ ሉዶ ብዙሕ ዝኸሰብ ነገር ዘሎዎ ኣይመስለንን። እቲ ናይ ምዝንጋዕ ወጉ ጉዲፍካ፡ ኣብ ዝኣተኻያ እንዳ ካፌ፡ ደው ዝበልካሉ መጸበዪ ኣውቶቡስ፡ ዝኣተኻያ ቤት ጽሕፈት፡ ሕሉፍ ሓሊፉ'ውን ዝኣተኻዮ ገዛ እያ ትጸንሓካ። እቲ ግዜ ኣብኡ ከሕልፍ ዝደሊ ሰብ ካብኡን ናብኡን ምርጫኡ እዩ። እቲ ዝኸፈአ በዛ ገይም ዝካይድ ዘሎ ናይ ገንዘብ ውርርድ እዩ። ብገንዘብ ዝጽወት ከምዚ ዓይነት ገይም ኩሉ ግዜ ወጽኢቱ ጽቡቕ ኣይክኸውንን'ዩ። ፈቲና ጸሊእና። እቲ ዝለካ ዘበለ ዓቕሚ ኣወሃሂድካ ዘዋህለልካዮ ገንዘብካ (ወይ ካልኦት ሕኛ መሰሎም ዘምጽኡዎ'ሞ ንዓኻ ዝሃቡኻ ገንዘብ)፡ እንትርፎ ጽልኢን ሕሰሕሰን ካልእ ቀምሓር ዘይብሉ ገይም ከተጥፍአ ሕልናኻ ከመይ ኢሉ ይጉብረልካ፧ ብሓፈሻኡ ኣመዛዚና እቲ ዝሓሸ ክንጉብር ይሓይሸ። እንተ ብገይም ሉዶ ዘሎ ምቁማር ካብ ዝኾነ ከም ዘይሓይሽ ግን ርግጸኛ እየ።

ናትናኤል ትከእ (ወዲ ትከእ)

ብመሰረቱ ገይም ሓደ ካብ ንመዛናግዒታት ዝተማህዙ ስርሓት ከም ምኳኑ መጠን ብኣገባብ ክንጥቀመሉ እንተ ኽኢልና ከዛናግዖና ይኽእል'ዩ። ብዘይካ ስራሕ ኩነ ትምህርቲ ተወጢሩ ዝጸንሐ ሓንጎል ቀሩብ ከዘንጽዖን ከብልሖን ይኽእል። ኩይኑ ተሪፉ እቲ ዝዓበየ ረብሓ ኑቶም መሃዝቱን ዓብይቲ ማሽነሪታት ተኸሎም ትካላት ከፊቶም ብገንዘብ ዘጻውቱን እዮ።

ብዙሕ ሰዓታት ከም ዝተሰበነ ነጸላ ኣብ ጌይም ተኣሊኽካ ክትውዕል እንተ ኴንካ፣



ብደውካ ከም ዝሞትካ እዩ። እቲ ምንታይ ወልፊ ጌይም ቀስ ብቐስ ከይተረደኣካኣብ ሰልሚ እዩ ዝሸመካ። እቲ ክትመሃረሉን ከተፍርየሉን ዝግበኣካ ወርቃዊ ግዜኻ ብጉዙእ ፍቓድካ ኣብ ህጉም ከም ተእትዎ ዘለኻ ማለት እዩ። ጽባሕ ንግሆ ናብ ገዛዚብን ፍልጠትን ክቕየር ዓቢ ተራ ዘለዎ ተሃራሪፊ ዕድመ ብረብሓ ዘይብሉ ሓሸወየ ከም ምቕያር እዩ። በቲ ዝመጽእ ጌይም ተሳሒብካ መሃሰንካ ከተጥፍእ ዘይኮነስ በቶም ኑቲ ጌይም ዝመሃዘዎ ከምኻ ፍጡራት ደቂ ኣዳም ቅዱስ ቅንኢ ሐዚካ ናትካ ፈጠራ ክትጉብርን ዝበለጸ እዩ።

ጌይም ክትጻወት እንተጀሚርካ ኩሉ መደባትካ ኢኻ እተወንዝፎ። ናይ ስራሕ ሸውሃትካ'ውን ይዕጾ። ገለ'ውን ኣብ ጠባያትካ ውን ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ፤ ንብኣስ፡ ገሃጽ፡ ንስኻ ክጥዕመካ ንኻልእ ምዕማጽ፡ ጭካነን ካልእን ከም እተማዕብል ክገብር ይኽእል። ኩሉ ነገር ግዝኡ እንተ ዘይሓዘ ጉድኣቱ ቀሊል ኣይኮነን። ከም እንዳእቲ፡ ንሩስ ናብ ዝፈረሶ ዝኸይድ ሰብ፡ ሰብ ዘበሎ ረቛሒን ዝኽተሎ መምርሒን የብሉን። ብፍላይ ኣብዚ ጉደናታት ኩነ ኣብያተ ሻሂን ስራሕን ዝረኣኻዮ ሰብ ገይም ክጻወት ከምዛ ገዳት ከቢቡ ኢኻ እትርእዮ። ስራሕ ዘሎዎ ስርሑ ገዲፉ፡ ክልተ ሰለስተ ሰዓታት ይትከል። ምሸት ኣብ ካፈታት እንተ ኣቲኻ፡ ክንዲ ምስ መቋጸርቶም ብዛዕባ ዘቋጸርዎም ጉዳይ ተዛቲዮም ግዜኦም ከይከሰሩ ቀምሓሮም ዝጉብሩ፡ ዳርጋ ዝበዝሑ 'ሉዶ' ሐዚም ክካትዑ፡ ከም ዕላዊት ምዕባለቲ ቁማር ቋጺሮም ክቋመሩ ክርኢ እንከለኹ ኣመና እሓዝን። ስለዚ ጆሆ ናይ ገይም ምኳን ማለት፡ ርእሱ ዝኸኣለ ድንቁርና ኩይኑ'ዩ ዝስመዓኒ።

**ኣብ ስድራቤትኩም ብዘሎ ዝንባለ ስነጥበብ ክንጅምር**

ኣብ ስድራቤትና ዘሎ ናይ ስነጥበብ ብፍላይ'ኳ ምስ ደርፍን መዚቃን ዘሎ ምትእስሳር ይገርመካ'ዩ። ባባ ኣብ ግዜኡ ልዑል ተቐባልነት ዝነበሮ ንዓዕ ደራፋይ'ዩ። ንእሾቶ ሓብተይ ዳናዬት ከኣ፡ ስቕ ኢላ ክትዕዘብ ጸኒሓ፡ ሕጂ ጀሚራቶ ኣላ። ኣብ ሓጺር እዋን'ውን ዕወት'ቲ ደራፊት ኩይና። ክሳብ ቀረባ እዋን ናይ ኮሌጅ ትምህርታ'ያ ትከታተል ነይራ። ገና ካብ ኣጀማምራኣ ኣትሒዛ ዘለገብሲ ዓቕሚ ኣርኢያትና ኣላ። ክገርመካ ግን፡ ኣብ ገዛና ኣቡቲ ዓውዲ ዘለና ሰለስቴና ጥራይ ኣይኮናን። ኣብ ሽወደን ዝቕመጥ ሄናክ ሓወይ ክኢላ ኦርጋኒስት'ዩ። ካልእ ቶማስ ዝበሃል ክራረስት ሓወይ ኣሎ። ምዕባዩ ራይሞክ ሓወይ ከኣ ኦርጋን ኣብ ምምሃር ደርኩቡ። ካልእ እታ ቀንዲ ኣብ ደርፌ ዝምባለ ዝነበራ ዓብዩና'ያ። ምናልባት ባባ ካብኣ ወሪሱዎ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ግርም'ዩ ዝብሉኒ - ትደርፈለይ ዝነበረት ባህላዊ ደርፌታትን ዜማታትን ምሉእ ብምሉእ ዘይሰደኩዎ ኢለ ካብ ዘሕዝነኒ'ዩ። ቅድሚ ቀረባ ኣዋርሕ'ያ ዓሪፋ። ኣደይ'ውን ዋላ'ኳ ኣብ ምድራፍ ኣይትእቶ፡ ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ኣቡቲ ዓውዲ ተገዳስነት ዘለዋ'ያ። ካብ ኩልና ዝገደደት'ያ። ደርፌ 'ሳምፕል' ምስ ሰሪሕና ንዓአ ኢና ነስምዓ። ብፍቕሪ'ያ ትሰምዖ፡ 'ኣብዚኣ ከምዚ፡ ኣብቲኣ ከኣ. .' ገለ እናበለት ርኢይቶታት ትህበና። ሞራልን ደገፍን ናታ ከኣ ፍሉይ'ዩ።

**ምናልባት ምስ ኣቦኺ ሓዳር ክምስርቱ ዝነበሮም እዚ ተገዳስነታዶ ይኸውን?**

ይኸውን'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ተገዳስነታ ክትርእዮ እንከለኻ ከምኡ ኩይኑ'ዩ ዝስምዓካ። ባባን ማማን ከኣ፡ ብፍቕሪ ዘይሮም ገለ'ዮም ተመርዕዮም። ምስ ከምኡ'ስ ክኸውን ይኽእል'ዩ ኩሉታ'የ እስኪ. . (ሰሓቕ)

**እዚ ነገራት ካብ ቁልዕነትኪ ኣብቲ ዓውዲ ክትሳተፊ ሓጊዙኪ ይኸውንዶ?**

ብኣንጻሩ እየ። ኣነ ከም ቈልዓ ኣዝየ ወዓይቲ፡ ኣብ ትምህርተይ ንፍዕቲ፡ ምድራፍ ከኣ ማራ ዝፈቱ'የ ነይረ። ግን ከኣ ብጦብ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ክኣቱ ዘይፍቀደለይ'የ ነይረ።

**ስለምንታይ?**

መጀመርታ ኣብ ትምህርተይ ክዕወት'ዩ ዝደልዩኒ ነይሮም። ምሉእ ድሌቱ ንሱ'ዩ ነይሩ። ኣነ ግን ዋላ'ኳ ወግዓዊ ኣይኹን ካብ ምድራፍ ኣቋሪጸ ኣይፈልጥን'የ። ኣብ ቤት ትምህርትና ንዝነበሩ ጉጅለ ባህሊ ብቐንኢ ይርእዮም ነይረ። 'እዚኣ ምደረፍኩዎ ጸቡቕ መምጻእኩዎ' ይብል ነይረ። ግን ይኽልክል ነይሩ። ደሓር ኣብ 11 ክፍሊ እናተማሃርኩ እንከለኹ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲና ናይ 8 መጋቢት ምድላዋት ነይሩ ተሓቢኣ ኣትየ። ናብ ቤት ንብዓብ ኢለ ወጺአ ፕሮቫ ገይረ ይምለስ። ደሓር ኣብቲ ኣብ እንዳ ሲታዝ በሻር ዝተኻየደ መደብ፡ ናይ ኣብርሀት ቺና "ተፈታዊት ኣዴና ወርቂ በለን" ትብል ደርፌ ደጊመያ። ጸቡቕ ሞራል ረኺበ። ልዕሊ ኹሉ ማማ ኣቡቲ ኣጋጣሚ መጺኣ ስለዝነበረት፡ ርኢያትኒ ተሓጒሳ። ደሓር ንባባ 'ስምዕዘ ከምዚ ኢላ ጸቡቕ ደሪፋ። ኩሉ ሰብ ንፍዒቲ ኢሉዋ። ስለምንታይ ትኽልክላ' ኢላ ተዛሪባቶ። ሽዑ'ውን ፍቓደኛ ኣይኮነን። መወዳእታኡ ግን ዳርጋ ብቤተሰብ ተለሚኑ ዳርጋ ደሓን ኩይኑ። ዋላ እናተቋየቐ ክሰርሕ ኣፍቂዱለይ። ደሓር ነዛ 'ይቕረ በለለይ' ትብል ደርፌ ድማ ሰሪሑለይ። ቅድሚ ሳዋ ምኻደይ ምስ ቪደዮ ክሊፓ ማለት'ዩ።

"ናብራይ ኩይኑ ከምቲ ዝረኣኻዮ
ውዕል ክልቴና ባዕለይ ኣፍሪሰዮ"

ብድሕሪ'ዚ ዳርጋ ናጻ ኩይነ ክሰርፍ ጀሚረ። ኣብቲ እዋን ቀንዲ ዝፈትወን ዝነበርኩ ናይ ሄለን ጳውሎስ ደርፍታት ነይረን - 'ሓንቲ'የ ካብዮም ደቅኺ' ካልኣይቲ ድማ 'ብመጠነ ፍትወትና' - ዝኣን ይደርፈን ነይረ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 24 ዙር ናብ ሳዋ ወሪደ።

**ሳዋሞ ከመይ ጸኒሓትኪ?**

ሳዋ ምስ ከደኩ፡ ነቲ ሞያይ ዝያዳ ተተሓሒዘዮ። ኣብ ዙርና ብዙሓት ዓቕሚ ዘለዎም ስነ ጥበበኛታት'ዮም ነይሮም። ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ኣቐምና ንሰርሕ ነይርና። እታ ጉጅለና ከኣ ልዑል ምኽትታል ዝነበራ ዝነበረ፡ መሳርሒታታ ምሉእ፡ ቀጻሊ ናይ ምርኢት መደባት ዝሰርዓ'ያ ነይራ። ድሕሪ ታዕሊም'ውን ተጠርኒፍና ምስራሕ ቀጺልና። ሽዑ ንመመረቕታና ትኸውን 'ሰሓቤል' ትብል ደርፌ ተዳልያትለይ። ኣስመራ መጺአ መሊኤያ።

"ንኣመል ምስ መግዘዘ ኣይትዳህለሉ
እቲ ሕሉፍ ታሪኽ ሰዉድ ኣሎ ባዕሉ
ዝትንክፍ ሃገረይ ከሳዕል ሕማመይ
ከዘኻኽረኒ ጀጋኑ ኣቦታተይ" ዝብል ትሕዝቶ ዝነበራ እያ። ግጥሚ ሚከኤል ብላዕ ኢልዎ፡ ዜማ ከኣ ባባ'ዩ ሰሪሑላ። ኣብ መመረቕታና ከኣ ኣቕሪበያ።

**ዝረኸብክዮ ግብረ መልሲ ከመይ ይመስል ነይሩ?**

ብጣዕሚ ተሰፋን ሞራልን ዝሃበትኒ'ያ። ካብ ቅድሚ ናብ መድረኽ ምድያበይ ኣትሒዘካ ብኣቦላትናን ሓለፍትናን ዝወሃበኒ ዝነበረ ምትብባዕ ኣዝዩ ጸቡቕ ነይሩ። ድሕሪ ምድራፈይ ዳርጋ ንመዓት ሰብ'የ ክፍርም ወዒለ (ሰሓቕ) ደራፊት ኩይነ ማለት'ዩ። ብድሕሪ'ዚ ምልእቲ ጉጅለ ባህሊ፡ ኣብ ትሕቲ ባህላዊ ጉዳያት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተጠርኒፍና። ኣነ መጀመርታ ምስ ጉጅለ ባህሊ ሪም ደሓር ከኣ ምስ ኣሰር ኩይነ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ እናተንቀሳቐስኩ መደባት ኣቕሪበ። ጎኒ ጎኒ'ዚ ብውልቀይ ደርፌታትን ቪደዮ ክሊፕን የዳሉ ነይረ።

**እንታይ ዝበለ ደርፌታት'የን ነይረን?**

መጀመርታ ክልተ ደርፍታት'የ ምስ ቪደዮ ክሊፕ ሰሪሐ። 'ኣሕልመኒ' ከምኡ ድማ 'ተበራህኒ'ሎ' ዝበላ ደርፍታት'የን


ስእሊ
ፊልሞን መንግስትኣብ (ወዲ መንገሻ)

ሓዚኒ’ ትብል። ካልእ ግን ምሉእ ብምሉእ ናይ ኢሳቕ ፈጠራ’ዩ። እታ ኣብ እዚኢ ሰብ ዝጸንሐት ዜማ ምስቲ ሓድሽ ተደማምሪ፥ ጸቡቕ ወሃደት ኣምጺኡ። ነታ ደርፊ ምስቲ ሰማዒ ኣብ ምትእስሳር ከኣ ኣገዳሲት’ያ ነይራ።

**ብሓፈሻ ከም ድምጻዊት ብዛዕባ እንታይ ክትደርፊ ትደልዩ?**

ብዛዕባ ሃገርን ብዛዕባ ኣደን ክደርፍ’የ ዝደሊ። ክሳብ ሕጂ ዳርጋ ኣብ ክልቲኡ ኣይደረፍኩን። ኣነ ሃገርን ኣደን ኣብ ዝሸደካ ከይደካ ዘይቅየራን ዘይድገማን ኩይነን’የን ዝስምዓኒ። ኣብርክቶ ናይ ኣደ ንኣብነት መወዳድርቲን መግለጺን ዘይርከቦ’ዩ። ሃገር ከኣ ከምኡ - ርሓቕ ቀረብ ዘይትቕየራ መንነት’ያ።

**ትፈትውያ ደርፊ ናይ ኣቦኺ?**

ብሓፈሻ ኩሉ ደርፍታቱ ይምስጠኒ’ዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን እታ፡

‘ናይ ንእስነት ፍቕረይ ዘይርስዖኪ ዘይትርስዕኒ

እንታይ ናብርኡ ኩን ተሕልፊ ትኾኒ’ ትብል ይፈትዋ። ባባ ኣብ ደርፍታቱ ይኹን ኣብ ህይወቱ ኣዝዩ ፈቃር’ዩ። ብፍቕሪ ዝተመልአ ሰድራ ከም ንምስርት ከኣ ገይሩ።

**ኑብሽኺ ንምምዕባል እንታይ ትገብሪ?**

ብሓፈሻ እዚ ፒያኖ ባር ብጣዕሚ’ዩ ዝጸርበኒ። ቀጻሊ ክትሰርሕ የድክመካ’ዩ ግን ዓቕምኻ ኣብ ምዕባይ ሓጋዚ’ዩ። ካልእ ምስ ባባ ይኹን ካልኦት መዚቀኛታት ቀጻሊ ኣብቲ ስራሕ ብምስታፍ፥ ዘለኒ መረዳእታ ከስፍሕ ይፍትን’የ። ክገርመካ ግን ምሉእ መዓልቲ፥ ኣብ ዝኾነ ቦታ’የ ዝደርፍ። ገለ ገለ እዋን ዋላ ኣብ ዘይድረፈሉ ቦታ፡ ሰብ ቁም ነገር እናዕለለ ኣይገድፍ. . . ይደረፍ - ጉንፊ’ዩ!

**ናይ መጻኢ መደብኪ እንታይ’ዩ?**

ብዙሕ መደባት’የ ሒዘ ዘለኹ። ገለ ገለ ንጽል ደርፍታት ክዘርግሐን ዡዳለኹወን ኣለዋ። ካልእ ምስ ባባን ዳናዩት ሓብተይን ብምኳን ሓንቲ ምልእቲ ኣልበም ምስ ቪድዮ ክሊፕ ኣብ ምድላው ኣለና። ብድሕሪኡ ኣሰፋሐ ክሕዞ’የ ግን፤ ናተይ ኣልበም ኣብ ምድላው’ውን ኣለኹ። ቅድሚ ኩሉ ካብ



ናይ ባባ ደርፊታት ነታ ‘ኤዱ’ንዶ በሉለይ’ ሰለስቴና ዝደገምናያ ኣላ ንዓኣ ክንዘርግሓ ኢና።

**ሕጂ ናብ ሓጸርቲ ሕቶታት ክንሰግር?**

ጸቡቕ! ንኺእሎ ይግበረልና

**ሰምሃር ከም ሰብ ከመይ ትርእዩያ?**

ኩልሳዕ ሕጉስቲን ሰሓቒትን’ያ። ሰብ ትፈቱ’ያ። ኣብ ቁም ነገር’ውን ቁም ነገረኛ’ያ። ሰብ ምብዳል ኣይትፈቱን’ያ። ዘይንሰኡ ኩይኑ ዝቖርብ ኣይፈቱን’ያ።

**ንሰምሃር እንታይ የኩርያ?**

ሓሶት

**ኣብ ህይወትኪ ዝተሓጎሰክሉ ኣጋጣሚ?**

ኣብ ሳዋ ደረፊ፥ እቶም ኩሎም መማህርተይ ብኣድናቖት ምሉእ መዓልቲ ክፍርመሎም ክሓቲኒ እንከለዉ ዳርጋ ዝኸሶኩ ኩይኑ ተሰሚዑኒ ነይሩ። ዝተሓጎስኩላ ኣጋጣሚ ንሳ’ያ።

**ኣብ ህይወትኪ ዝጸገኽሉ ኣጋጣሚ?**

ናይታ ዝፈትዋ ዓባየይ ሞት ዝሰማዕኩሉ።

**ኣብ ትርፊ ግዜኺ ተዘውትርዮ?**

ብዙሕ ኣይከኣንኩን ግን ብዓቕመይ የንብብ’የ። ምስ ሰድራብቴይ ምዕላል፥ ኢንተርነት ምክትታል ይፈቱ’የ።

**ንሰምሃር ትገልጽ ሓንቲ ቃል?**

ሕውስቲ

**ብልጫታት ሰምሃር?**

ዝተሰምዓ ትዛረብ፥ ሕጉስቲ. . ይኣኽላ!

**ድኻማት ሰምሃር?**

ቀልጢፍካ ምሕራቕ፥ ነገራት ሸለል ዘይምባል

**ብቁልዕነትኪ ክትኮንዮ ትብህጊ ዝበርኪ ግን ዘይኮንክዮ?**

ዶክተር! (ሰሓቕ) ከም ብዙሓት ቆልዑ ኣነ ዶክተር ክኸውን’የ ዝብል ነይረ። ሓኪም ክርኢ እንከለኹ ደስ ይብለኒ ነይሩ። ጸዕዳ ተኸዲኖ ሕሙማት ክኣሊ. . . ግን ኣይኮንኩን።

**የማሰግነኪ!**

***



# ሳንድያጎ
## ከም "ካራክተር"

ተስፋዬ ገብረኣብ

ብ1993 ረፈረንደም ኤርትራ ተኻይዱ ብዓወት ኣብ ዝተዛዘመሉ ሰሙን እዩ። ስነጥበበኛታት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ኤክስፖ ባህላዊ ምርኢት ወዲቦም። ፍሉጣት ድምጻውያን ዘለውዎ ሳንድያጎ ከም መራሒ መድረኽ ዝሳተፈሉ ባህላዊ ምርኢት ከም ዘሎ ምስ ተሰምዐ፡ ኑቲ ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ኣጋጣሚ ንምዕዛብ ኩሉ ብልዑል ህንጥዩነት እዩ ተጸቢይዎ።

ቀዳም ድሕሪ ቐትሪ ህዝቢ ቲኬት ንምግዛእ ብኸልተ መስርዕ ሪጋ ክሕዝ ጀመረ። ከባቢ ሰዓት ሰለስተ ምስ ኮነ፡ ቀጽሪ ኤክስፖ ብሰባት ኣዕለቕለቐ። ኣዳራሽ ኤክስፖ ብተዓዘብቲ ቅጽጽ በለ። መጋረጃ ተኸፍተ። ሳንድያጎ ማይክሮፎኑ ሒዙ ተቐልቀለ።

ሳንድያጎ ንሜዳ ክሰለፍ ከሎ ለይለይ በጽሒ'ዩ ነይሩ። ሸበቱ ዘር ኣቢሉ ኸኣ ተመሊሱ። ኣብቲ ዘመነ-ቲናት ከም ተዋጋኣይ፡ ከም ተዋሳኣይን ከም ሓኪምን ኮይኑ ተቓሊሱ እዩ።

ኣብ'ታ መዓልቲ እቲኣ ሳንድያጎ ኣብ መድረኽ ምስ ተቐልቀለ፡ ዕዱማት ብጣቕዒትን ፋጻን ተቐበልዎ።

ርግእ ኢሉ ክዛረብ ጀመረ፥

"ኣብ ቃልሰን መስዋእትን ዘሎ ሰብ ክተስሕቕ ምፍታን ከቢድ ስራሕ ዝሓትት እዩ። እንተኾነ ኣብ ሓድሕድና ንዋዘን ንጭረቕን ነይርና ኢና። ዝበዝሐ ግዜ ዋዛታትና ኣብ ውተሃደራት ኢትዮጵያ ዘተኮሩ እዮም ነይሮም። እነሆ ሎሚ እቲ ዘበን'ቲ ሓሊፉ፡ ኤርትራ ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኮይና፡ ብርእስና ... ንሕና ብንሕና ኣብ እንጭረቐሉ ዘበን ተሰጊርና።

"ናይ መንግስቱ ሃይለማርያም ሓላፊ ፕሮፖጋንዳ ዝነበረ ሓደ እዋን፡ ኣብ በረኻ ስጋ ኣድጊ ከም እንበልዕ ጎስጒሱ ነይሩ። እቲ ሰብኣይ ኑቲ ኣብ ኢዱ ዘበጽሐ ሓበሬታ ብትኽክል ዝነበሮ ኮይኑ ኣይስመዓንን። 'ኑቲ መግቢ ኣድጊ እዮም ዝበልዑ' ዝብል፡ 'ስጋ ኣድጊ ይበልዑ'ዮም" ኢሉ ተረዲእዎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንሕና ኣድጊ ኣብ ጉዕዞ ከም መጽዓኛ ንጥቀመሉ ስለዝነበርና፡ ብዓይነ ስጋ ... ብዓይኒ ጥብሲ ... ብዓይኒ ዝግኒ ... ርኢናዮ ኣይንፈልጥን ኢና። ዳሕራይ ከኣ እቶም ኣእዱግና እውን ንኽትብልያም ዘወናውን ስጋ መዓስ ነይሮም። ልክዕ ከማና ደይ ቁርበትን ዓጽምን እንዳኣሎም ነይሮም።

ቀደም ብግዜ ሃይለስላሴ ሓንቲ ተመሃሪት ዩኒቨርስቲ፡ ዓርኪ ሒዛ፡ ንሳን ዓርካን ተመሃሮ ሕርሻ እዮም ነይሮም። ምስ ዓርካ ተሌፎን ይደዋወሉ እዮም። ዓርካ ክድውለላ ከሎ፡ ወለዳ ከይፈልጥዎ ከም ምስጢራዊ ኮድ ዝጥቀምሉ ኣዘራርባ 'ሸጉርቲ' ዝብል እዩ ነይሩ። ብተሌፎን ክዛራረቡ እንከለዉ፥

"'ሰማዕ እቲ ሸጉርቲ ኣብ ሲቲ ፓርክ ግደፈለይ' ወይ ከኣ 'እቲ ሸጉርቲ ኣብ ፖርቲኮ ኣይትግደፎ። ኣይመጽእን'የ ... ንጽባሕ ሰዓት 4:00 ኣብ ኢምፐርያል ግደፈለይ።' ይበሃሃሉ ነይሮም። ኣቡኣ ግን ገጢሞማ። ሓንቲ መዓልቲ ሰላጣን ሸጉርትን ሰሪሓ ምስ ቀረበትሎም፡ ኑቲ ሰሰላጣኡ በሊዖም ኑቲ ሸጉርቲ ገዲፎሞ። ምስረኣየቶ፥ 'ኢሂ ደኣ ባባ እንታይ ኴንካ ገዲፍካዮ?' ኢላቶም። መሊሶምላ፥

"'ሰብኣይ ጓሉ ዝበልዕ ሰብ ርኢኺ ትፈልጢ?' ኢሎማ። ንሕናኸ ኣድጊ ከመይ ጌርና ንበልዖ፧ መኪናኡ ዝበልዕ ሰብ ርኢኹም ትፈልጡ?"

ዕዱማት ንውሕ ዝበለ ሰሓቕ ኣስምዑ። ሳንድያጎ ቀጸለ፥

"መደባትና ብዙሕ ስለዝኾነ ግዜ ንምቑጣብ ክትስሕቑ ከለኹም ኣሕጽር ኣሕጽር ደኣ ኣብልዎ። ዝረሳዕኩልኩም እባ! እወ ኣድጊ ኣይብላዕናን። በዓል ኣርብዑ፡ ኣራንሺ፡ ራሕባ፡ ኣክላ፡ ተረንሸዋ ዝበሃሉ ከም ኣድጊ ዝበልዑ ብጾት ግና ነይሮምና እዮም።"

ዕዱማት እንደገና ንውሕ ዝበለ ሰሓቕ ሰሓቑ።

ብቐድሚት ኮፍ ኢለን ዝነበራ ክልተ ጎረዛ ክሳብ ዝኑበዓ ይስሕቃ ነበራ። ዕዱማት ካብ ገዛኦም ክወጽኡ ከለዉ ኣትሒዞም ክስሕቁ ቅሩባት ከም ዝነበሩ በቲ ተደጋጋሚ ኣብ ገጾም ዝረአ ዝነበረ ፍሕሸውና ፍሉጥ'ዩ ዝነበረ።

ሳንድያጎ ኣስተውዒልዎም።

"ኣብዚ ቕድመይ ብኸቲር ሰሓቕ ትኑብዓ ዘሎኽን ኣዋልድ እርእየክን ኣለኹ። ንብዓትክን ኣይትወድኣ። ንዳሕራይ እንተኣጽናሕክናኦ ይሓይሽ። ምኽንያቱ ኣብ መደባትና ክልተ ዘንብዓ ድራማታት ኣለዋና። ሕጂ ብኸቲር ሰሓቕ ትኑብዓ ኣሎኽን። ደሓር ከኣ ብኸቲር ንብዓት ደኣ ከይትስሕቓ!

"ብዝኾነ መደብና ሰፊሕ ዝበለ እዩ። ክሳብ ዝወግሕ ብሓደ ኣሎና። ወጋሕ ትብል ሊዩቲ!!!

ሳንድያጎ ወግዑ ቀጸለ፥

ብዛዕባ ምግቢ ካብ ተላዕለ፡ ኣብ በረኻ ኣብ ዝነበርናሉ፡ ከም እኒ በዓል ህበይ፡ ወዓግ፡ መፍለስ፡ ዕንቅርዖብ፡ ሓርገጽ፡

